# <u>ብሄራት ኤርትራ</u>

*ኤርትራ እወ ኤርትራ*
*9ተ ቋንቋ 9ተ ዝብሄራ*
*ጸለምትን ቀያሕትን ከም ዝግራ።*

*ውሑዳት ህግደፋውያን ዝዕንድሩላ*
*እንተ ብሄራት ዝሳቐያላ*

*ኮይና ኣይተረረፈትን ኤርትራ*
*ተበጊሳ ኣላ በብሄራ*

*ወላ'ኳ ተተላዕለ፡ ሃገር ክኹልስሳ.*
*ሃንደበት ተረኺባላ፡ ፈውሳ*

*እምነት ዕጥቃ*
*ዕላማ ዝስንቃ*

*ብሄር ብብሄራ*
*ከቲታ ሓቢራ*

*ሓዱሽ ምዕራፍ ተኸፊቱ*
*ኦሮማይ ! ተረፈ ፈቐዶ ስደት ከርተቱ*

*ደጊም መዓልቱ ኣኺላ*
*ኣብ መቓብሩ ትተኽል ጓይላ*

*ትተግበር ናይ ብሄራት ወፈራ*
*ልባዊት ቃልሲ ተውጽእ ሓራ*

*በል ተኣኻኺብ ሎሚ ተረኺባላ*
*ፈጺማ ነግ ፈረግ ዘይብላ*

*ናይ ብሓቂ ውሕልልቲ ኣኼባ*
*ብሄራት ንዘተ ተኣኻኺባ*
*ሓንጎፋይ ኢልና ንቀበለን መርሓባ*

ወለዶ ከይጸነተ
መሬት ከይጸልመተ

ኩና ሓበን ኩርዓት
ህዝቢ ይድሓን ካብ መዓት

ኣብ ርእሲ ጸላኢ ከም ንህቢ ዕሰላ
ዘየማትእ ዲሞክራሲ ትኽላ

ጽቡቕ ቅሳነት ተሰሚዑና
ኣብ ጎንኽን ኣለና፡፡

ሕጂ'ውን ብሄራት ይዓምብባ
ኩለን ቀሪበን ይላዘባ

28 ሰኔ ወርሒ 6/2010 በዓልቲ ቅያ
ዘልዓለም ተኸቢራ ክትነብር እያ፡፡

ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!
ዓወትና ናይ ግድን'ዩ !!

ካብ ዋው
30/06/20101